ሕቶን መልስን ብውሽጡ ሑሩር''ኣብ ባይታ እንታይ ኣሎ ዝተቐየረ''ኤርትራዊያን ንፋሽሽታዊ ጉጅለ ህግደፍ ንምእላይ ኣሎና ዶ ዓቕሚ እወ''ብኸመይ ብኸመይ ዝብል ለባም''እታ ናይ ማልዶ መልሓስ ምስ ለመሰት''እታ ለሚሳ ዘላ ኢድ ሰራውራ ምስ ገተረት''ሽዑዩ ህዝቢ ኤርትራ ዝዕወት።

ንኢሰያስን ጃንዳኡን ንምስዓር ዓቕሚ ኣለና ወ''ማዓስ ዑሱብ ኣብ ቀይዲ ምስ ኣተወ''ሐያል ተሐላቒ ምስ ተረኸበ''ዝጠመየ ቆሪሱ ተመሲሑ ምስ ተደረረ''መንእሰይ ኣብ ከተማን ገጠርን ምስ ነደረ።

መልሲ ነዚ መንእሰይ ኣይትብልዎ ሃዲሙ እባ ሰሊሙ''ቢያታቱ ብደገን ብውሽጥንዩ ተጠሊሙ''ንሱስ ክሳብ ሎሚ ይካላኸል ኣሎ ንሪሙ''ከም ወዲ ዓሊ ጅግና ሑጾብ መዓንጣ''ይጸበሎ ብረቱ ለጒሙ።

እቶም ንዓመታት ዘበሉና ኮለል''ብማልዶ ብሐሶት ዝሰወዱ'' ኤርትራዊያን ተመሲሎም''ብኣውራጃን ብሃይማኖትን ኣብ ሞንጎ ደቀባት ሐዊ ዝኣጉዱ''ዓበይትን ናእሽቱን ካድራት'' ብቅልጽም ኤርትራዊያን ምስ ተፈረዱ''ዝተሰደደ ክምለሰዩ ንዓዱ።

ውዲትዩ ንኢሰያስ ጃንዱኡን ዘገበለ''ድሕሪ ምብትታን ተሐኤ ህዝቢ ኤርትራ''ን41 ዓመት ብሰንኪ ባድመ''ክሳብ ሎሚ ዝኸፈሎ ዋጋ ያኣኽሎ''ዓቢና ኑኡሰና''ንዛረብ እንበር ንቃለስ ዘለና ከይመሰለና''ጃንዳይ ጃንዳኻ ገዲፍና ምስ ንሳነ'' ንህግደፍ ንምእላ ቀሊል ምኾነ።

ኦ ህዝቢ ኤርትራ እቲ መሬትን ሰማይን ዝፈጠረ ኣምላኽና ረብና ምሕረቱ የውርደልካ"ገለን ቆጸሊ ዘየውደቑሉ'' መንግስትና ይብሉ"ገለን ካብ ሰግር መረብ ለውጢ ክጸበ"ንሐደ ዕላማ ሐሳብና በበይኑ''ኤርትራዊ መንእሰይ ኣያ ሲኢኑ"ደሙ ከም ደም ከልቢ ፈሲሱ" ናይ ሐባር ጸላኢ ንምብራር"ሕጂዩ እዋኑ''ዓሕ እንዳ በለ ካብ ደገ ደገፍና ይጸበሎ''ናይ መድያታት ጀጋኑ ምኟን ያኣክል።

ገለን ሰናቲም ክኣሪ
ዝኾነን ዘይኮነን የውሪ
ገለን
ኣብ ጥራይ ኢዱ ፈካሪ'

ካብ ግብሪ ኣልቦ
ንግሆ ንግሆ ዋዕላ
ኣብ መስጊድ ዶዓ ሰላ
ቤተ ክርስትያን ምህለላ
ዝቐለለ ኣላ
ያኣክል ኣብ ዝጥዕመካ ኮንካ ዳእላ'

*ስነ ጥበባዊ ኣይኮንኩን ዘያሚ*
*ንሓሰበይ ክገልጾሉ ኮይነ ገጣሚ*
*ከም ወትሪ ንሎሚ*
*እዚዩ ናይ ሐሳበይ መዛዘሚ’’*

*ዓወት ነቲ ደም ዝኑበዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ’’ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና’’ሰዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን ኣባል ተ.ሐ.ኤ. በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን 28 ጥሪ 2023።*